Victorian Equal Opportunity
& Human Rights Commission

simply your rights

# ብዘለካ ዓሌት ኣድልወ ምፍጣር
## Discrimination - Race

**ሓደ ሰብ ብዘለዎ ባሕሪ ተበጊስካ ብዘይኣገባብ ወይካዓ ብሕማቕ ኩነታት ክስተናግድ እንከሎ ኣድልወ በጺሕዎ ይብሃል። ኣብ ቪክቶሪያ ብናይ ሓደ ሰብ ዓሌት ተበጊስካ ኣድልወ ምፍጣር ካብ ሕጊ ወጻዒ ከምዝኾነ እዩ።**

**ዓሌት ማለት እንታይ እዩ?**

እዚ ብናይ ቀለም፥ እዱብ ብምኺን፥ ኣበይ ሃገር ከምዝመጻእኻ፥ ብዘርኢ ሐረግ፥ ብባህላዊ ወይካዓ ምስ ሓደ ዓሌታዊ ባሕሪ ኣታሓሒዝካ ምዝራብ ይኸውን።

---

ምሳለታት
ጀማል መሐመድ ኣብ ሕንጻ ኩባንያ ስራሕ ኣመልኪቱ ተቐባልነት ኣይረኸበን። ንምንታይ እቲ ስራሕ ከምዝይተሃቦ ንምሕታት ነቲ ኩባንያ ክድውል፤ ንጀማል መሐመድ ዝተውሃቦ መልሲ፥ "ቅድሚ ሕጂ ኣብናትካ ሃገር ሰባት ተቆጺሮም ከምዝነበሩ እዮም። ንስሓትኩም ብቐሊል ንናትና ናይ ስራሕ ስነምግባር ሕግጋት ኣይትኸተሉን ኢኹም። ስለዙይ ነቲ ዝሓለፈ ጌጋ ክመጸእ ኣይንደሊን ኢና።"

**ዓሌታዊ ኣድልወ ዝግበረሉ ኣበይ እዩ?**

እቲ ሕጊ ብተግባር ዝውእል ኣብ ኣደባባይ ንዝግበሩ ጸባያት እምበር ብናይ ግሊ ዝግበር ኩነታት ኣይኮነን። እዚ ማለት ኣብ ስራሕ፥ መደቀሲ፥ ክለባት፥ ትምህርቲ፥ ኣቕሓ ንምግዝእ ኣገልግሎት መውሃቢ፥ ስፖርትን መሬት ክትሸይጥን ሹም ክተዛውር ብዓሌት ፍልልይ ምፍጣር ካብ ሕጊ ወጻኢ እዩ።

---

ንኣብነት፡
ዘርኣይን ለታይ ኤርትራዊያን እዮም። ኣብ ክባቢኦም ብዘሎ መውኣለ ሕጻናት ውሽጢ ንውላዶም (ኣቤል) ክፍቲ ቦታ እንተሃሊዩ ንምሕታት ስልኪ ክድውሉ እንከሎ፥ ከምቲ ዝተባህልዎ መሰረት "እወ ብዙሕ ክፍቲ ቦታ በቲ ክፍሊ ውሽጢ ከምዘሎ እዩ። ግናስ ለታይ ንውላዳ (ኣቤል) ሒዛ ናብ መውኣለ ሕጻናት ክትኸይድ እንከሎ እቲ ናይ ስራሕሓላፊ ንወድኺ ኣብዝሰማምዖ ቦታ ሒዝክዮ ኪዲ ብምባል መልሲ ብምሃብ ተፋንያ።

**ዘይምልከቶም**

ብሓደሓደ ኩነታት ዓሌት ብምፍላይ ኣድልወ ክፍጠር ይኽውን እዩ። ንኣብነት ብዕድመ ኣበይቲ ንዝኾኑ ዩክራኒያን ምክንኻን ኣብ ዝውሃበሉ ሆስቴል ውሽጢ ብጀካ ናይ ዩክራኒያን ካልእ ሰብ ከምዝይፍቐደሉ እዩ፥ ኣብ ሰልቲክ ክለብ ንሰልቲክ ዓሌትን ኣባላትን ጥራይ ክኸውን እንከሎ ኣብ ጃፓን ገባረሰናይ ማሕበር ውሽጢ ክሰርሕ ዝኽእል ናይ ጃፓን ሃገር ሰብ እንተኾይኑ ጥራይ እዩ።

ኣድላይ ክኸውን እንከሎ ናይ ድራማ ትርኢት፥ ናይ ስነ ጥበብ ስራሕቲ፥ ናይ መዘናግዒ ስራሕቲ፥ ናይ ፎቶግራፍ ወይካዓ ሞዴል ስራሕ ንምክያድ ሓደ ቖጻሪ ድርጅት ንዝተወሰኑ ዓሌታት ጥራይ ስራሕ ምሃብ ከምዝኽእል እዩ።

**ማዕረዕድልን ሰብኣዊ መሰልን ኮሚሽን ቪክቶርያ ከመይ ክሕግዝ ይኽእል?**

ናይ ኣድልዎ ጥርዓን ዘለዎም ሰባት ምስጢራዊ፡ ናጻን ኣድልዎ ዘይብሉን ናብ ናይ ሓባር ስምምዕ ፍታሕ ንምብጻሕ ዝዓለመ ሓገዝ ነበርክት። እንተደኣ ትደልዩ ኰንኩም ናብ ኮሚሽን ደውሉን ናይ ናጻ ተርጓማይ ሕተቱን።

**መስመር ምኽሪ፡ (03) 9281 7100**
**ብናጻ ምድዋል (ንካብ ገጠር ዝድዉሉ) 1800 134 142**
**ቲቲዋይ (ናይ ምርድዳእ ምዝራብ ጸገም ዘለዎም)፡ (03) 9281 7110**
**ኢመይል፡ complaints@veohrc.vic.gov.au**

ተርገምቲ ኣብ ዝሓተኩሙሉ ብናጻ ክዳሎ ይከኣል።

---

**መብርሂ፡** እዚ ሓበሬታ'ዚ መምርሒ ንክኸውን ዝሓለ ጥራሕ እዩ። ንዝግበር ሕጋዊ ምኽሪ ዝትክእ ኣይኮነን።
**ብሕታውነትኩም፡** VEO&HRC ንብሕታውነት ሚስጥራውነትን ዘገልግል ሕጊታት ቪክቶርያ፡ ማዕረ ዕድል ድንጋገ 1995 ይምእዘዙ። ቅዋም ብሕታውነትና ብመርበብ ኢንተርነት www.humarightscommision.vic.gov.au/privacy ወይ ምስ ማዕረ ዕድልን ሰብኣዊ መሰልን ኮሚሽን ብምርኻብ ክርከብ ይከኣል።
ብማዕረ ዕድልን ሰብ ኣዊ መሰልብ ኮሚሽን ቪክቶርያ ተመዚዙን ተሓቲሙን 3/380 Lonsdale St, Melbourne, Victoria, 3000
April 2007